# ገመል ኤርትራ።

ገመል ኤርትራ ዓቃል ብባህሪ፣

ነዊሕ ቁመቱ ምሩቕ ብፈጣሪ፣

እሙን እንስሳ ዘይጠልም ሕድሪ፣

ሃገረይ ታዓዲላ ንስኻ ኣብኣ ክትፈሪ።

    ትሕትና ዝመልኦ ትኩር ሕያዋይ፣

    ሓለንጋይ ክሳዱ ርሑቕ ኣማዕደዋይ፣

    ጥምየት ይኹን ጽምኢ ንኹሉ ጸዋራይ፣

    እሙን ብጻይ ዓርኪ ተጋዳላይ።

እቶም ተጋድሎ ኢሎሙኻ መርከብ ሰውራ፣

ኣብቲ ጽንኩር  ግዜ፡ ግዜ ናይ መከራ፣

ስራሕካ ተሳልጥ ተራ ብተራ፣

ጽዕነት ተብጽሕ ኣብ ዝተደለ ስፍራ።

    ህዱእ ስጉምቲ ዘይብሉ ድምጺ፣

    ደሃይካ ምቁር ኣህዩ ተመራጺ

    ኹርኺሕን ልሙጽን ኣዔሪኻ ትጸጺ፣

    መታንን ክጥዕም ንእግሪ መርገጺ።

ጸላኢ ንዓኻ ክሃድን እጽበ ኣብ ቅርዓት፣

ጽንኩር ቦታ ተሓልፎ ብብልሃት፣

ብድሆ ኢልካ ትስጉም ብትብዓት፣

ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ትኸዶ ብህዳት።

    ብማእከል ትስንጥቕ ዕርዲ ጸላእቲ፣

    ኣብቲ ህልም ዝበለ ጸልማት ለይቲ፣

    ጉዕዞ ተሰላስል ብዘይ ዕረፍቲ፣

    ጉቡእካ ፈጺምካ ትፍለ ብመስዋእቲ።

እወ ብርግጽ መርከብ ናይ ሰውራ፣

ነወሕ ትጎዓዝ ብዘይ ማይ እንጀራ፣

እንትርፎ ስራሕ ዘይትፎቱ ጃህራ፣

ንዓኻ ምርካቡ ዕድለኛዩ ህዝቢ ኤርትራ።

ገመል መስዋእትኻ ሰሚዔ ብዙሕ ሓዚነ፣

መስርሕ ገድሊ ኮምኡ ምኟኑ ኣሚነ፣

ከም ሓርበኛ ባኻ ብዙሕ ተሓቢነ፣

ጸርካ ክስከም ኣልዒለዮ ደኒነ።

ምሳኻ ዘሎና ዘይሃስስ ፍቕሪ፣

ጸማኻ ዝዝከር ዘለኣለም ነባሪ፣

ስምካ ሰፊሩ ኣብ ቤት መንግስቲ ብኽብሪ፣

ስለ ዝኾንካ ናይ ሰውራ ፊተውራሪ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሱዉኣትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።

4/5/2015.